# ስ ም የ ሱ ስ

## መዝሙር እምነት 105 ስም የሱስ ካብ ኩሉ ዝዓቢ’ዩ

1. ስም የሱስ ካብ ኩሉ ዝዓቢ’ዩ፡
   የልቦን ዚመስሎ ንኡ።
   ኩሉ ክበሊ ነባሪ ኢዩ፡
   ስልጣን ጸልማት ንስዕረሉ፡
   ርስቲ ሰማይ ንወርሰሉ።

2. ስም የሱስ ካብ ኩሉ ዚዓቢ’ዩ
   ብኡ’ዩ ትምክሕትና፡
   ኣብ ዓለም የልቦን ዘሰንፈና፡
   ነዚ ክቡር ስም ኣሚንና፡
   ካብ ሰዓርቲ ንላዕሊ’ና።

3. ስም የሱስ ነፍቅሮ ብልብና፡
   ዓወትና’ዩ ሓበንና፡
   ሳላ ስሙ ሓርነት ረኺብና፡
   ክብሪ ይኹን ንኣምላኽና፡
   ነዚ ስምዚ ዝሃበና።

# መዝሙር እምነት 106 ዎ የሱሰይ ስምካ

1. ዎ የሱሰይ ስምካ ክንደይ ጥዑም ኢዩ
   ንነፍሰይ ትሰምዖ ጥዑም ዜማ ኢዩ።

2. ክንደይ ስም ተሰምዩ የልቦን ግን ከም ስምካ፡
   ኩሉ ሓላፊ’ዩ ይነብር ግን ናትካ።

3. ዓይነይ ኣንቃዕሪረ ብስምካ’ንተ ‘ድሂኹ፡
   ዘድልየኒ ንዓይ እረክብ’የ ብኡ።

4. ኣብዛ ምድሪ ስደት ኣብ ኩሉ ውግኣይ፡
   ዋልታይ ዓወተይ’ዩ ስምካ ዎ የሱሰይ፡

5. ስምካ ንኸጥፍኡ ብዙሓት ተንሲኦም፡
   ስምካ ጌና ይነብር ንሳቶም ሓሊፎም።

6. ግዜ ኪመጽእ'ዩ ኩሎም ጸላእትኻ፣
   ተምበርኪኾም ክብሉ ዓቢ ኢዩ ስምካ፡፡

7. ኀይታ ደግፈኒ ስምካ ከየውድቕ፣
   ስለ ስምካ ኢለ ህይወተይ'ውን ክህብ።

ዲ.ላ